KANTON
LUZERN

Bildungs- und Kulturdepartement
**Dienststelle Berufs- und Weiterbildung**
**BIZ – Beratungs- und Informationszentrum für Bildung und Beruf**
**www.biz.lu.ch**

# ሓበሬታ ንወለዲ

**ከም ወለዲ መጠን፡ ውላድኩም መጀመርታ ሞያ ኣብ ዝመርጸሉ ግዜ፡ ንስኻትኩም ኣገደስቲ ተሓጋገዝቲ ኣካል ቤት ትምህርቲ ኢኹም። መንእሰያት ካብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ናብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ብጽቡቕ ንኽሰጋገሩ፡ ናታትኩም ሓገዝ ይደልዩ።**

## ምምራጽ ሞያ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ምድላዋት ምምራጽ ሞያ ካብ 7ይ ክፍሊ ይጅምር። እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ዕላምኡ፡ እቶም ተመሃሮ ብዛዕባ ኣገደስቲ ኣርእስታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ኣብ ምምራጽ ግቡእ መረዳእታ ንኽህልዎም እዩ። እቶም መንእሰያት ምስቲ ናቶም ድሌትን ብቕዓትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ሞያ ዓውድታት ንምልላይ እዩ።

## ከም ወልዲ መጠን ኣብ ግዜ ምምራጽ ሞያ ናይ ውላድኩም ኣገዳሲ ተራ ተጻወቱ

- ንወድኹም/ጓልኩም፡ መታን ደረጃ ብደረጃ ቀስ እንዳበሉ ሞያ ክመርጹን ብዛዕባ ሞያ ሓሳባት ከማዕብሉን ሓግዝዎም።
- ንወድኹም/ጓልኩም፡ ብዛዕባ ናትኩም ተመኩሮኹም ምምራጽ ሞያ ግለጽሎም፡ ከምኡ'ውን መዓልታዊ ናይ ስራሕ ሂወትኩም ንገርዎም። ብዛዕባ ስራሕ ዓለም ሓፈሻዊ መረዳእታ ንኽህልዎም ሓግዝዎም።
- ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ድሌትን ኽእለትን ንምፍላጥ ምስኦም ንምዝርራብ ፡ ዝጥዕም ኣጋጣሚታት ተጠቐሙ። ምናልባት እዚ ንዓኣቶም ናብቲ ዝድለይ ሞያ ክምርሖም ይኽእል እዩ።
- ምስ ወድኹም/ጓልኩም ብዛዕባ ኣርእስትታት ናይቲ ትምህርቲ ምምራጽ ሞያ ትሕዝቶ ተዘራረቡ። እቲ ሰነዳት ወይ ጽሑፋት'ውን ብሓንሳብ ኮይንኩም ረኣይዎ።
- ውላድኩም ዘለዎ ናይ ሞያ ሓሳባት ተገዲስኩም ረኣይዎ። ብድሕሪት ናይ ሓደ ሞያ ዝንባለ፡ ወድኹም ወይ ጓልኩም ክሰርሕዎ ዘገድሶም ድሌት ክህሉ ይኽእል እዩ።
- ነዚ ናይ ሞያ ዝምባለ ውጽኢቱ ንምግምጋም፡ ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታ፡ ንኣብነት ምስታፍ መደብ ሓበሬታ ፣ ወይ ናይ ሞያ ልምምድ ምግባር፡ ተገዳስነት ኣርእይዎም፡ ብዛዕብኡ'ውን ተዛራረቡ።
- መንእሰያት ሙብዛሕታኡ ግዜ ብደገፍን ሓሳባትን ናይ ወለዶም ተማእዚዞም ይኸዱ። ስለዚ ንወድኹም/ጓልኩም ብዝተኻእለ መጠን ብዝበለጸ ነብሶም ክኢሎም ክውድኡ ኣተባብዕዎም።


## ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ ...

- እዚ ሕጂ ዝምረጽ ሞያ ናይ መጀመርታ እምበር ናይ መወዳእታ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ቀጻሊ ክምዕብል ዝኽእል ናይ መጀመርታ ስጉምቲ እዩ። ስርዓተ ትምህርቲ ስውዘርላንድ ዝተፈላለየ ዕድላት ትምህርቲ የበርክት።
- ኣብ ስውዘርላንድ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ሞያ የለን። እንታይ ደኣ፡ ጽቡቕ ሞያ ማለት፡ ምስቲ ናይቲ ሰብ ድሌትን ክእለትን ዝሰማማዕ ስራሕ ምስ ዝኾውን እዩ።
- መንእሰያት፡ ዋላኳ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዕድላት እንተሃለዎም፣ ንዕኦም ዝኸውን ሞያ ኣብ ምምራጽን፣ ኩነታት ውሳነ ኣብ ምልምማድ፣ ሓላፍነት ኣብ ምውሳድን ብጣዕሚ ንጡፋት እዮም።
- እዚ ምምራጽ ሞያ ንደቂ ኣንስትዮን፡ ደቂ ተባዕትዮን ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕረ ኣገዳሲ እዩ። ውሳነ ምምራጽ ሞያ ኣብ ናይ ጾታዊ ፍልልይ ክምርኮስ ኣይግባእን።

EFQM
RECOGNISED BY EFQM 2022
★★★★

## ሰለዳ ምምራጽ ሞያ

እዚ ሰለዳ ምምራጽ ሞያ፡ ብዛዕባ ኩሉ ንጥፈታት፥ መንእሰያት ከመይ ጌይሮም ኣብ መስርሕ ምምራጽ ሞያ ሓገዛት ክረኽቡ ከምዝኽእሉ፡ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ይህበና። እዚ ኣብ ኩለን ዓመታት ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዝዝርጋሕ ኮይኑ፥ እንታይ፣ ኣበይናይ ግዜ መደባት ይትግበሩ ሰእሊ የርእየና።




## ዝተፈላለዩ ናይ ሓበሬታ ዕድላት ተጠቐሙ

- ንወድኹም/ጓልኩም ናብ ማእከል ሓበሬታ ሞያ BIZ ኣሰንዩዎም። ምስቶም ኣብኡ ዘለዎ ናይ ሞያ ክኢላታት ዝግበር ሓጺር ናይ ምኽሪ ዝርርብ፡ ዘሎኩም ሕቶታት ብንጹር ክምለሰልኩም ዕድል ኣለኩም። ከምኡውን ካብኡ ናይ ሞያ መጽሔት፡ መላለይ ጽሑፋት ክውሰድ ይከኣል።

| | |
|---|---|
| Begleiten Sie Ihren Sohn/Ihre Tochter ins Informationszent-rum des BIZ. Dort können Sie in einer Kurzberatung Ihre Fragen klären sowie Broschüren ausleihen. | www.biz.lu.ch |
| Informationen zur Berufswahl | www.beruf.lu.ch/berufswahl |
| Nichts verpassen – Newsletter abonnieren | www.beruf.lu.ch/bizinfo |
| Infos zur BIZ-APP inklusive Download | www.beruf.lu.ch/bizapp |
| Berufsbeschreibungen, Berufsfilme und weitere hilfreiche Infos | www.berufsberatung.ch<br>> Berufe |
| Kurzbeschreibungen zu schulischen Ausbildungs-möglichkeiten | www.beruf.lu.ch/studium<br>> Gymnasien und Fachmittelschulen |
| Regelmässige Informationsveranstaltungen zu den ver-schiedenen Berufen und weiterführenden Schulen | www.beruf.lu.ch/sprung |
| Motivieren Sie Ihr Kind, Schnupperlehren zu absolvieren. Tipps zum Vorgehen und das Lehrfirmen-verzeichnis | www.beruf.lu.ch/berufswahl<br>> Schnupperlehre & Lehrstellensuche |
| Unterstützen Sie Ihre Tochter/Ihren Sohn bei der Lehrstel-lensuche. Alles Wissenswerte zur Lehrstellensuche | www.beruf.lu.ch/berufswahl<br>> Schnupperlehre & Lehrstellensuche |
| Freie Lehrstellen | www.berufsberatung.ch/lena<br>www.beruf.lu.ch/offene_lehrstellen |
| Übersicht über Zwischenlösungen nach der obligatorischen Schulzeit | www.beruf.lu.ch/berufswahl<br>> Zwischenlösungen |
| Stipendien | www.stipendien.lu.ch |